## ናይ ደገፍ መልእኽቲ ናብ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

## ቍጽሪ 13. ዑመር ጃብር ዑመር

ድሕሪ ፍሉይ ሃገራዊ ሰላምታ፡

ኣቐዲመ፡ ነቲ ኣብ ጉባኤ ክካፈል ዘተገብረለይ ዕድመ፡ ከመስግንን ከመጕስን እፈቱ። ካብ ድሌተይ ወጻኢ ብዝኾነ ኰነታት፡ ኣብ ጉባኤኹም ክሳተፍ እኳ እንተዘይከኣልኩ፤ በዛ፡ መልእኽቲ እዚኣ ኣቢለ ንገድላዊ ጉዕዞኹምን፡ ጉባኤኹም ንምዕዋት እትገብርዎ ዘለኹም ጻዕርን ምሉእ ደገፈይ እገልጽ።

ኣብ'ዚ ዳሕረዋይ ኣዋርሕ፡ ውድብኩም፡ መራሒኡ ዝነበረ ስውእ ስዩም ዑቕባሚካኤል ብምስኣኑ፡ ከሕልፎ ዝጸንሐ ጽንኩር ኵነታት፡ በማእት ዝቝጸሩ ተጋደልትን ንዲሞክራሲ ዝጣበቑ ዜጋታትን ክከታተልዎ ጸኒሖም ኢዮም። ስዉእ ስዩም ኣቦ መንበር ውድብኩም ጥራሕ ኣይኰነን ነይሩ፤ እንታይ ደኣ፡ ምእንቲ ሃገራዊ ናጽነት ኣብ ዝተኻየደ ቃልስታት፡ ልሉይ ምልክት፤ ቀጺሉ ድማ፡ ምእንቲ ዲሞክራሲ ኣብ ዝካየድ ዝነበረ ቃልሲ፡ ተባዕን ድምጺ ናይ ጭቍናትን ዝኾነ ተጋዳላይ ምንባሩ ኢና እንፈልጥ። በዚ ምኽንያት'ዚ መስዋእቲ ስዩም፡ ካብ ክሊ ውድብ ዝሰገረ ሃገራዊ ክሳራ ኢና ንቖጽሮ።

እንተኾነ ግን፡ ውድብኩም ብሳላ ጽንዓቱን መትከላዊ ስጡምነቱን ነቲ ጽንኩር መድረኽ ሰጊሩ፡ ዘትኣማምን ስጕምቲ ንቕድሚት ክስድር ጀሚሩ። ጉባኤኹም ንምክያድ ምብቃዕኩም ከኣ፡ ጭቡጥ ምስክርነት ናይ'ቲ ሱር ዝሰደደ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ክምርሓሉ ዝጸንሐን ዘሎን ሃገራዊ ዲሞክራስይዊ መርሆን ቀጻልነቱን ኢዩ። ኣሕዋትን ኣሓትን ኣባላት ጉባኤ፡ ገለ፡ ነጥብታት ንዝኽሪ ጥራሕ ክጠቅስ ኣፍቅዱለይ። ምኽንያቱ ከኣ፡ ኣብ ሕልናኹምን ኣብ ኣእሙሮኹምን ሰሪጹ ዘሎ ጉዳይ ምዃኑ ስለዝፈልጥ ኢየ።

1. ናይ ሓደ ውድብ ውሽጣዊ ሓድነት ዝድልድል፡ ኣብ መርገጻት ምስምማዕን  ምዕሳልን ኢዩ፤
2. ቀጻልነት ህያውነትን ዘውሕስ ብሩህ ርእይቶ ምውናንን ቀዳምነታት ምስራዕን፤
3. ኣብ ውሽጢ ሓደ ውድብ ሓድሽ ዲክታቶርነት ከይፍጠር ዋሕስ ዝኸውን ሓባራዊ ዕዮን ዲሞክራስን ምስፋን፤
4. ናይ ነፍስወከፍ ውድብ ፍሉይነትን ናጻ ህልውናን ዘዕቂብን፣ ናይ ሕድሕድ ምድግጋፍን ምውህሃድን ሓባራዊ ስራሕን ዘተባብዕን፡ ኣብ መትከላትን ኣብ ሓባራዊ መርገጻትን ዝተሰረተ ትካላዊ ዝምድናታት ምስ ካልኦት ውድባት ምፍጣር ኢዩ፡ ናብ'ቲ ሓባራዊ ዕላማ ዝኾነ ውድቀት ዲክታቶርነት ከብጽሕ ዝኽእል፤
5. ሃምኹም ብዛዕባ መላእ ሃገር ስለዝኾነ፡ መልእኽትኹም ናብ ኵሉ ማሕበራውን ባህላውን ክፍልታት ኤርትራ ዘቅንዐ ክኸውን፤ ምንቅስቓሳትኩም ብደረጃ መላእ ሃገር መታን ክሰፍሕ፡ ዕላማኹም ወይ ራኢኹም ናብ ብሩህ መጻኢ ዝጥምት ይኹን። ጉዕዞኹም ይቐጽል፤ ኣእሙሮናን ልብናን ምሳኹም ኢዩ ዘሎ። ኣብ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ የራኽበና።

ዑመር ጃብር ዑመር
መልበርን፡ ኣውስትራልያ
12.07.2006